ናይ COVID-19 ክታበት ቡስተር ወይ መበራትዒ ዶዛት ናይ መወከሲ መምርሒ ንኹሎም ደረጃታት ዕድመ

ንስኹም ወይ ውላድኩም ንገዛእ ርእስኹምን ንካልኦትን ካብ ከቢድ ሕማም፣ ሆስፒታል ምእታው፣ ዋላ'ውን ብ COVID-19 ካብ ምሟት ንምክልኻል ብመባእታዊ ተኸታታሊ ክታበት COVID-19 ተኸቲብኩም ኣለኹም። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፣ ክታበታት COVID-19 ውጽኢታውያን እኳ እንተኾኑ፣ ምስ ግዜ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም እናነከየ ከምዝኸይድ ይፍለጥ።

ሕጂ፡ መበራትዒ ምውሳድ እቲ ቀንዲ ውጽኢታዊ መንገዲ ናይ ምቕጻል ምክልኻል ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ንስኻ ወይ ውላድካ ናይ COVID-19 ክታበት ቡስተር ወይ መበራትዒ ንምውሳድ ብቕዓት እንተኾይንኩም ንምፍላጥ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቻርት ወይ ሰሌዳ ርአ።*

እንተወሲድካ...	መን መበራተዒ ከምዝወስድ	አየናይ መበራተዒ ከም እትወስድ	አየናይ መበራተዒ ከም ዝወስድ
Moderna	6 ኣዋርሕ ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ሰባት	**ካብ 6 ኣዋርሕ – 4 ዓመት** ዝዕድሚኦም ቐልዑ እተማሓየሸ ዶዝ ናይ ባይሻለንት ከም ናይ መባእታዊ ተኸታተሊ ሕክምናኦም ተመሳሰሊ ዓይነት ክወስዱ ኣለዎም	እንተወሓደ ድሕሪ 2 ኣዋርሕ ናይ መወዳእታ መድሃኒቶም ምዝዛሞም (ናይ መጀመርታ ተኸታተሊ ወይ ሞኖሻለንት ቡስተር)
		5 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት ዝተመሓየሸ ባይሻለንት መበራትዒ ዶዝ ናይ Pfizer ወይ Moderna ክወስዱ ኣለዎም	
		18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቅድሚ ሕጂ ቡስተር ዘይረኸቡ ሰባት እውን ዝተመሓየሸ mRNA ቡስተር ክረኽቡ እንተዘይክኢሎም ወይ ዘይክረኽቡ እንተኾይኖም Novavax ቡስተር ክወስዱ ክመርጹ ይኽእሉ።	እንተውሓደ 6 ኣዋርሕ ድሕሪንናይ ፈለማ ተኸታታሊ ዶዝ።
Pfizer	5 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት	**5 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ** ኮይኖም Pfizer ከኣ ወሲዶም ዝነበሩ ዝተመሓየሸ ባይሻለንት መበራትዒ Pfizer ጥራይ እዮም ክወስዱ ዝኽእሉ	እንተወሓደ ድሕሪ 2 ኣዋርሕ ናይ መወዳእታ መድሃኒቶም ምዝዛሞም (ናይ መጀመርታ ተኸታተሊ ወይ ሞኖሻለንት ቡስተር)
		⁅**6 ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት** ዝተማሓየሸ ባይሻለንት Pfizer ወይ Moderna ቡስተር ክወስዱ ኣለዎም⁆ regardless of their primary series	
		18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቅድሚ ሕጂ ቡስተር ዘይረኸቡ ሰባት እውን ዝተመሓየሸ mRNA ቡስተር ክረኽቡ እንተዘይክኢሎም ወይ ዘይክረኽቡ እንተኾይኖም Novavax ቡስተር ክወስዱ ክመርጹ ይኽእሉ።	እንተውሓደ 6 ኣዋርሕ ድሕሪንናይ ፈለማ ተኸታታሊ ዶዝ።
Johnson & Johnson	18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ሰባት	**18ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት** ዝተማሓየሸ ባይሻለንት Pfizer ወይ Moderna ቡስተር ክወስዱ ኣለዎም	እንተወሓደ ድሕሪ 2 ኣዋርሕ ናይ መወዳእታ መድሃኒቶም ምዝዛሞም (ናይ መጀመርታ ተኸታተሊ ወይ ሞኖሻለንት ቡስተር)
		18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቅድሚ ሕጂ ቡስተር ዘይረኸቡ ሰባት እውን ዝተመሓየሸ mRNA ቡስተር ክረኽቡ እንተዘይክኢሎም ወይ ዘይክረኽቡ እንተኾይኖም Novavax ቡስተር ክወስዱ ክመርጹ ይኽእሉ።	ድሕሪ መባእታዊ ተኸታታሊ መደብ እንተወሓደ ድሕሪ 6 ወርሒ።
Novavax	12 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት	**12ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት** ዝተማሓየሸ ባይሻለንት Pfizer ወይ Moderna ቡስተር ክወስዱ ኣለዎም	እንተወሓደ ድሕሪ 2 ኣዋርሕ ናይ መጀመርታ መድሃኒቶም ምዝዛሞም
		18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቅድሚ ሕጂ ቡስተር ዘይረኸቡ ሰባት እውን ዝተመሓየሸ mRNA ቡስተር ክረኽቡ እንተዘይክኢሎም ወይ ዘይክረኽቡ እንተኾይኖም Novavax ቡስተር ክወስዱ ክመርጹ ይኽእሉ።	ድሕሪ መባእታዊ ተኸታታሊ መደብ እንተወሓደ ድሕሪ 6 ወርሒ።

ብማእከላይ ደረጃ ወይ ብኸቢድ ሕማም ናይ ምክልኻል ጸገም እንተሃልዩካ መምርሒታት ክፈላለዩ እዮም።

Vaccinate WA

*ኣብ ቕረባ እዋን መልከፍቲ ናይ SARS-CoV-2 ዝነበሮም ሰባት **ካብ ምልክታት ዝጅምር ወይ ፖዘቲቭ ዉጺኢት ምርመራ ድሕሪ ምምጽኡ(መልከፍቲ ምልክት ዘይነበሮ ምስ ዝኸዉን) ን 3ተ ኣዋርሕ ናይ COVID-19 መባእታዊ መድሃኒቶም ወይ ቡስተር ከዳናጉይዎ ክሓስቡ ኣለዎም።** መጽናዕታት (ብእንግሊዝኛ) ኣብ መንጎ ረኽሰን ክታበትን ዝተናዉሐ ግዜ ምህላዉ ዝተማሓየሸ ምላሽ ናይ ሕማም ምክልኻል ዓቕሚ ናይ ሰዉነት ንክታበት ከስዕብ ከም ዝኽእል የመልክት። ከምኡ'ውን፣ድሕሪ ረኽሲ ኣብ ዝቕጽሉ ሰሙናት ክሳብ ኣዋርሕ ትሑት ሓደጋ ዳግማይ ረኽሲ ተራእየ እዩ። ድሕሪ ረኽሲ ናይ ቡስተር መድሃኒት ንምዉሳድ ከተዳናጉዮ ኣብ እትዉስነሉ ግዜ ረቋሒታት ከም ናይ COVID-19 ብርቱዕ ሕማም ምሕማም ዘሎ ጠንቕታት (ብእንግሊዝኛ)፣ ናይ COVID-19 ኮማዊ ደረጃ (ብእንግሊዝኛ)፣ ወይ ናይቲ SARSCoV-2 ዓልየት ባህርያት ኣብ ግምት ክኣትዉ ኣለዎም።*

ብዛዕባ COVID-19 ክታበት ቡስተር ዶዝ ተደጋጋሚ ዝትተቱ ሕቶታት

ዝተማሓየሸ/ባይቫለንት ቡስተር እንታይ እዩ?

ዝተማሓየሸ/ባይቫለንት COVID-19 ቡስተር ኣንጻር እቲ ኦርጂናል ኮሮና ቫይረስ ዓልየት ምክልኻል ዓቕሚ ካብ ሕማም የበራትዕ ከምኡዉን ኣንጻር እቲ ሓድሽ ዓይነት ኦሚክሮን ንሕጂ ዘለዉ ዝበዝሑ ግዳያት ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ እዉን የዕቑብ። ዝተማሓየሹ ቡስተራት ካብቲ ቫይረስ ዝበለጸ ዕቑዕ ንምሃብን ምስ ግዜ እናሃሰሰ ዝኸይድ ውጽኢታዊ ዝኾነ ክታበት ንምሃብ ዝዓለመ እዩ።

ስለምንታይ እዮም ቡስተር ዶዝ ኣገደስቲ ዝኾኑ?

ቡስተር ዶዝ ካብ ከቢድ ሕማም ቀጻሊ መከላኸሊ ንምሃብ ክሕግዝ እዩ። ምስ ክታበቶም እዋናዉያን ንሙኗን ኩሎም ዕድሚኦም 5ን ልዕሊኡን ዝኾኑ ናይ ቡስተር መድሃኒት ክወስዱ ኣለዎም። ገለ ገለ ህዝቢ ከም እቶም ካብ ማእከላይ ክሳብ ከቢድ ስርዓተ-ምክልኻል ዝጎደሎም ስርዓተ-ምክልኻል ንምውሳኽ ተወሳኺ መጠን ከድልዮም ይኽእል። ብፍላይ ኣብ መላእ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝያዳ ተመሓላላፊ ዓሌታት ቫይረሳትን ናይ COVID-19 ሕማማትን እናወሰኸ ይኸይድ ስለ ዘሎ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

ቡስተር ዶዝ እንተድኣ ኣድልዩ፣ እቶም ክታበታት ኣይሰርሑን'ዮም ማለት ድዩ?

ኣይፋል። እቲ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘሎ ክታበት COVID-19 ንከቢድ ሕማም፣ ሆስፒታል ምእታዉ፣ ከምኡውን ሞት፣ ዋላእዉን ኣንጻር ካልኦት ዓሌት ቫይረሳት ኣብ ምክልኻል ጽቡቕ እዓዩ ኣሎ። ይኹን እምበር፣ ክኢላታት ጥዕና ህዝቢ ብፍላይ ነቶም ኣብ ሓደገኛ ኹነታት ዘለዉ ሰባት፣ ምክልኻል ካብ ልኡምን ማእከላይን ሕማም COVID-19 ዝጎደለ ብቕዓት እዮም ዝርእዩ ዘለዉ። ዝተማሓየሸ/ባይቫለንት ቡስተር ሕማም ምጽዋር ዓቕሙ ናይ ሓደ ሰዉነት ንምብርታዕ ከምኡዉን ካብ ገለኦም ሓደስቲ ዓልየታት ዕቑባ ንምሃብ እዮም ተሰሪሖም።

ናብ ናይ ቡስተር ዶዝ ቆጸራ እንታይ ከምጽእ ኣለኒ?

ብኽብረትኩም ናይ ናትኹም/ውላድኩም ክታበት ካርድ ናብቲ ናይ ቡስተር ዶዝ ቆጸራ ውሰዱዎ ምእንቲ እቲ ወሃቢ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ፈለማ ናይ መጀመርታ ተኸታታሊ ክታበት ከም ዝተዛዘመ ከረጋግጽ። እቲ ካርድ እንተጠፊኡ፣ እቲ ኣቕራቢ መዝገብኹም ክጥምት ይኽእል።

ኣብ መንጎ ተወሳኺ መጠን ክታበትን ቡስተር ዶዝን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

ተወሳኺ መጠን ን2-ዶዝ mRNA ተኸታታሊ ክታበት (Pfizer ወይ Moderna) ዝዛዘሙ ግን ከኣ እኹል ሓያል ናይ ምክልኻል ምላሽ ዘይነበሮም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝጎደሎም ሕሙማት እዩ።

ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርታ ተኸታታሊ ክታበት ምስ ግዜ ምጉዳሉ፣ መከላኸልን/ወይ ሕማም ምክልኻልን ንምዕባይ ወይ ንምምላስ ቡስተር ዶዝ ይወሃብ።

ንቡስተረይ ኣየናይ ዓይነት ክታበት ክወስድ ኣለኒ?

ዕድሚኦም 6 ኣዋርሕ – 4 ዓመታት ዝኾኑ ቆልዑ ምስቲ ናይ ፈለማ ተኸታታሊ ክታበቶም ሓደ ብራንድ/ዓይነት ዝተሓደሰ ባይቫለንት ዶዝ ክወስዱ ኣለዎም።

ነቲ Pfizer ናይ ፈለማ ተኸታታሊ ክታበት ዝወድኡ ዕድሚኦም 5 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ቆልዑ ዝተመሓየሸ ባይቫለንት መበራትዒ ናይ Pfizer ጥራይ ክወስዱ ኣለዎም።

5 ዓመት ዝዕድሚኦም ቐልዑ Moderna ዝወሰዱ ዝተመሓየሸ Moderna ወይ Pfizer ባይቫለንት ቡስተር ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

ዕድሚኦም 6 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ቆልዑ ዝተሓደሰ ናይ Pfizer ወይ Moderna መበራትዒ ዶዝ ክወስዱ ይኽእሉ፡ ኣብ ናይ ፈለማ ተኸታታሊ ክታበቶም ወይ ኣቐዲሙ ዝነበረ መበራትዒ ዶዝ ኣየናይ ዓይነት ወሲዶም ብዘየገድስ።

ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ሰባት ናይ Novavax መጠናኸሪ ንምውሳድ'ውን ክመርጹ ይኽእሉ እንድሕር ድኣ ቀዳማይ ክታበት ወሲዶም ኮይኖም ግናኸ ናይ COVID-19 መጠናኸሪ ኣቐዲሞም ዘይወሰዱ ኮይኖም — ከምኡውን ዝተመሓየሸ ናይ mRNA መጠናኸሪ ክወስዱ ዘይክእሉ ወይ ዘይወሰዱ እንተኾይኖም።

ሓደ ሰብ እዋናዊ ክታበት ከምዝወሰደ ዝሕሰበሉ መዓስ እዩ?

እንተድኣ ናይ ክታበት COVID-19 ናይ ፈለማ ተኸታታሊ ክታበት ወዲእኩም ኮይንኩም ከምኡ ድማ ነቲ ብCDC ዝተመኽረ ናይ ቀረባ እዋን መበራትዒ ዶዝ ወሲድኩም እንተኾንኩም ናይ COVID-19 ክታበታትኩም ግዚኡ ዝሓለወ ወይ ሓድሽ እዩ።

እቲ ቡስተር ምስ ከም ናይ ጉንፋዕ ዝኣመሰሉ ካልኦት ክታበታት ክውሰድ ይኽእል ድዩ?

እወ። ንስኹም ወይ ውላድኹም ምስ ካልኦት ክታበታት ኣብ ሓደ እዋን ክታበት COVID-19 ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ውላድኩም *ዘድልዮ ናይ ቤት ትምህርቲ ክታበት (እንግሊዘኛ ጥራሕ)* (ብእንግሊዝኛ) ወይ ካልእ ዝምከር ክታበት ካብ ናይ COVID-19 ክታበት ተፈልዩ መደብ ምውጻእ ኣየድልየኩምን እዩ። ቆጸራ ክታበት COVID-19 ንዓኹም ወይ ውላድኹም ኣብ ኩሎም ዝምከሩ ክታበታት ንኽሕዙ ካልእ ዕድል እዩ።

ተወሰኽቲ ሕቶታት? ናብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥ doh.wa.gov/covidbooster

Washington State Department of Health

DOH 825-039 December 2022 Tigrinya

ነዚ ሰነድ'ዚ ብኻልእ መልክዕ ክውሃበካ ንምጥላብ ናብ 1-800-841-1410 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል፣ ብኽብረትኩም ናብ 711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ WIC@doh.wa.gov ኢመይል ስደዱ።